UK Health Security Agency

NHS

# ናይ RSV ክታበት ናይ ኣረጋውያን መምርሒ ኻ

## ክታበት ናይ ስርዓተ ምስትንፋስ ሲንሲቲያል (RSV) ቫይረስ ብምውሳድ ከመይ ጌርካ ንገዛእ ርእስኻ ትከላኸል



**ሓበሬታ ብዛዕባ እቲ ነጻ ክታበት RSV ነዞም ዝስዕቡ ሰባት፤**

- ኣብ 1 መስከረም 2024 ወይ ድሕሪኡ ዕድሚኦም 75 ዓመት ዝመልኡ
- ድሮ ኣብ 1 መስከረም 2024 ካብ 75 ክሳብ 79 ዓመት ዝዕድሚኦም ዝኾኑ

## RSV እንታይ እዩ?

ሲንሲቲያል ቫይረስ ስርዓተ ምስትንፋስ (RSV) ተላባዒ ሕማም ናይ መስመራት ኣየርን ሳንቡእን እዩ። ረኽሲ RSV መብዛሕትኡ ግዜ ምስ ሰዓል ዝመሳሰል ምልክታት የስዕብ፣ እዚ ድማ ሰዓል፣ ቃንዛ ጎሮሮ፣ ምህንጣስን ኣፍንጫ ጸረር ምባል ወይ ምዕባስ ይርከብዎም። ብተወሳኺ ብሓይሊ ከም እተስተንፍስ ወይ ሕጽረት ትንፋስ ከም ዝህልወካ ክገብርን ናብ ኒሞንያን ካልእ ንህይወትካ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ኩነታትን ከስዕብ ይኽእል። ፍሉይ ሕክምናዊ ፍወሳ የለን፣ መብዛሕትኦም ረኽስታት ድማ ባዕሎም ይሓውዩ እዮም። ዓመት መጸ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኣረጋውያን ካብ RSV ንምፍዋስ ኣብ ሆስፒታል ብምእታው ክንክን የድልዮም፣ ገሊኦም ድማ ይሞቱ እዮም። RSV ኣብቶም ከም ሕማም ልቢ ወይ ሳንቡእ ዝኣመሰሉ ጣዕናዊ ጸገማት ወይ ድኹም ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ዘለዎም ሰባት ዝያዳ ከቢድ ክኸውን ይኽእል።

ረኽሲ RSV ኣብ ንኣሽቱ ህጻናት ልሙድ ኮይኑ ግን ንንኣሽቱ ዕሸላትን ንኣረጋውያንን ኣዝዩ ከቢድ እዩ።



## RSV ብኸመይ ክለግበካ ይኽእል?

ረኽሲ RSV ዓመት ምሉእ ክኽሰት ይኽእል እዩ ግን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሓጋይ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ይበጽሕ።

RSV ብሰዓልን ምህንጣስን ክላባዕ ይኽእል። ክትስዕል ወይ ክትህንጥስ ከለኻ ኣፍካን ኣፍንጫኻን ብምሽፋን (ብዝበለጸ ብሶፍት፣ ወይ ድማ ብኹርናዕ ኢድካ ብምሽፋን)፣ ነቲ ቫይረስ ካብ ምልባዕ ንምክልኻል ክትሕግዝ ትኽእል ኢኻ ከምኡ'ውን ንሓደጋ ምልባዕ እቲ ቫይረስ ንምንካይ፣ ኣእዳውካ ብተደጋጋሚ ክትሕጸብ ትኽእል ኢኻ። ዋላ ምስዘም ስጉምትታት እዚኦም ረኽሲ RSV ንምውጋድ ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ገዛእ ርእስኻ ካብዚ ሕማም ንምክልኻል እቲ ዝበለጸ መንገዲ ክታበት ምኽታብ እዩ።

## እቲ ክታበት ብኸመይ ይሰርሕ?

ዳርጋ ኩሎም ኣረጋውያን ኣብ ህይወቶም ሓያሎ ረኽሲ RSV ኣጋጢምዎም ይኸውን እዩ። ሓደ መጠን ክታበት ኣብ ዝለዓለ ሓደጋ ናይ ከቢድ ረኽሲ RSV ኣብ ዘለዎ ዕድመ ምስ በጻሕካ ምክልኻል ንምዕባይ ክሕግዝ እዩ።

## ካልኦት ንኽታበት RSV ብቑዓት ዝኾኑ ሰባት ኣለዉ ድዮም?

ነፍሰጾራት ደቂ ኣንስትዮ እውን ዕሸላተን ካብ RSV ንምክልኻል እቲ ክታበት ይወሃበን ኣሎ። መምርሒ ክታበት RSV ንነፍሰጾራት ደቂ ኣንስትዮ ኣብዚ ዝስዕብ ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም፤

**www.gov.uk/government/publications/respiratory-syncytial-virus-rsv-maternal-vaccination**

A guide to the RSV vaccine for older adults leaflet V2 - Tigrinya.indd 2 17/02/2025 18:45:37

## ነፍሲ ወከፍ ዓመት እቲ ክታበት ክወስድ ኣለኒ ድዩ?

ኣይፋል፣ ሓደ መጠን ንገለ ዓመታት ጽቡቕ ክከላኸለልካ ትጽቢት ይግበር።



## መን እዩ ክታበት RSV ክወስድ ዘለዎ?

ኩሉ ኣብ ወይ ድሕሪ 1 መስከረም 2024 75 ዓመት ዝመልአ ሰብ ሓደ መጠን ክታበት RSV ክወሃቦ እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ኣረጋውያን ካብ RSV ንዝመጽእ ከቢድ ጸገማት ዝያዳ ሓደጋ ስለዘለዎም እዩ። ሕጂ ውን ክሳብ ቅድሚ 80 ዓመት ምምላእካ ዘሎ መዓልቲ ክታበት ክትወስድ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ መጀመርታ ዓመት ናይቲ መደብ፣ እቲ ክታበት ነቶም ድሮ ካብ 75 ክሳብ 79 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰባት ውን ካብ 1 መስከረም 2024 ከም ኣካል ናይቲ ለብዒ መደብ ክቐርብ እዩ።

## ትሕቲ 75 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰባት ከ?

መንእሰያት ዕድሚኦም 75 ዓመት ምስ በጽሑ እቲ ክታበት ክወሃቦም እዩ።

## ክታበት RSV ምስ ክታበት COVID-19 (ኮቪድ-19) ወይ ጉንፋዕ ኣብ ሓደ ግዜ ክወስድ ይኽእል ድየ?

RSV ከም ንቡር ምስ ክታበት ናይ COVID-19 ወይ ጉንፋዕ ኣብ ሓደ ቆጸራ ክወሃብ ኣይተመደበን።

ኣብ ዝተወሰኑ ክሊኒካዊ ኩነታት፣ ሓኪምካ ወይ ነርስካ ኣብ ሓደ እዋን ብውሑስ ኣገባብ ክህቡኹም ይኽእል እዩ።

## ክታበት RSV ምስቲ ናይ ቫይረሳዊ ነድሪ ቆርበት ወይ ኒሞንያዊ ክታበት ኣብ ሓደ ግዜ ክወስድ ይኽእል ድየ?

እወ፣ እዞም ክታበታት ኣብ ሓደ እዋን ክትወስድ ትኽእል ኢኻ።

## ክታበት ክወስድ ዘይግብኦ ሰብ ኣሎ ድዩ?

ዳርጋ ኩሉ ሰብ ክታበት ክወስድ ይኽእል እዩ፣ እንተኾነ ግን ንሓደ ክታበት፣ ወይ ንዝኾነ ካብቲ ቀመማት ከቢድ ኣለርጂ ኣጋጢሙካ ዝፈልጥ እንተኾይኑ ንሓኪም ወይ ነቲ ነርስ ንገሮ።

ከም ሰዓል ዝኣመሰለ ንእሽቶ ሕማም እንተሃለዩካ እቲ ክታበት ክትወስዶ ትኽእል ኢኻ፣ እንተኾነ ግን ኣዚኻ ሕማቕ እንተሃሊኻ ወይ ሰዓል እንተሃለዩካ፣ እቲ ሓኪም ወይ ነርስ ክሳብ ትሓዊ ክትጽበ ክመኽረካ ይኽእል እዩ።

## እቲ ክታበት ምሉእ ብምሉእ ይከላኸለለይ ድዩ?

እቲ ክታበት ብሕማም RSV ናይ ምጥቃዕ ዕድልካ ከም ዘጉድል ተረጋጊጹ ኣሎ። ከም ኩሎም መድሃኒታት ዝኾነ ክታበት ምሉእ ብምሉእ ውጽኢታዊ ኣይኮነን ገለ ሰባት ክታበት እኳ እንተወሰዱ ሕጂ ውን RSV ክሕዞም ይኽእል እዩ። RSV እንተሒዙካ፡ ኣዝዩ ከቢድ ክኸውን የብሉን።

## እዚ ክታበት ንኽንደይ ዝኣክል ግዜ ክከላኸለለይ ይኽእል?

ብመሰረት ክሊኒካዊ መጽናዕትታት፣ ክታበት RSV እንተወሓደ ን2 ዓመት ጽቡቕ ይከላኸል እዩ፣ ከምኡ ውን ንነዊሕ እዋን ክጸንሕ ትጽቢት ይግበር።

## ዝኾነ ጎድናዊ ሳዕቤን ከጋጥመኒ ይኽእል ድዩ?

ድሕሪ ክታበት ንሓደ ወይ ክልተ መዓልቲ ኣብቲ መርፍእ ዝተወግኣሉ ቦታ ገለ ቃንዛ፣ ምቅያሕ ወይ ሕበጥ ከጋጥመካ ይኽእል።

ኣብ ቀዳማይ ወቕቲ ኣብ ጥቕሚ ኣብ ዝወዓለሉ ኣብ US ልዕሊ 12 ሚልዮን መጠን ክታበት ተዋሂቡ። ኣብ ሳሕቲ እዋን ዘጋጥም፥ድኻም ዘስዕብ Guillain-Barré syndrome ዝበሃል ጸገማት ስርዓተ መትኒ፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሓደ ሚልዮን ዝተዋህበ መጠን ክታበት ኣስታት 10 ሕሙማት ከም ዝተራእየ ተጸብጺቡ ኔሩ። ተመሳሳሊ ኩነታት ድሕሪ ብርክት ዝበሉ ልሙዳት ረኽስታትን ገለ ክታበታትን ውን ይኽሰት ብሓፈሻ ግን ካብቲ ከቢድ ክኸውን ዝኽእል ረኽሲ RSV ኣብ ሓደጋ ምእታው እቲ ክታበት ምውሳድካ ውሑስ እዩ።

## ሕጂ እንታይ ክገብር ኣለኒ?

75 ዓመት ምስ መላእካ እቲ ክኢላ ሓፈሻዊ ሓኪምካ ናይ RSV ክታበት ንኽትወስድ ቆጸራ ንኽትሕዝ ክድውለልካ እዩ።

ዕድሜኻ ካብ 75 ክሳብ 79 እንተደኣ ኮይንካ እሞ ድማ ክሳብ ሕጂ ዘይተጸዋዕኻ እንተኾንካ ክታበት RSV ንምውሳድ ቆጸራ ንምሓዝ ነቲ ክኢላ ሓፈሻዊ ሓኪምካ ተወከሶ።

## ተወሳኺ ሓበሬታ ኣበይ ክረክብ ይኽእል?

ኣብሪስሾ ዝበሃል ክታበት RSV ዝምልከት ናይ ሕሙማት ሓበሬታ ወረቐት ኣብዚ ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም፤

**www.medicines.org.uk/emc/product/15309/pil**

ተወሳኺ ሕቶ ምስ ዝህልወካ ምስቲ ክኢላ ነርስካ፣ ሓፈሻዊ ሓኪምካ ወይ ምስ ናይ ጥዕና ጉጅለኻ ተዘራረብ።

ጥርጡር ጎናዊ ሳዕቤናት ኣብ መርበብ ሓበሬታ Yellow Card ወይ ድማ ናብ ነጻ መስመር ቴሌፎን 0800 731 6789 (ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ካብ ሰዓት 9 ንግሆ ክሳብ ሰዓት 5 ድሕሪ ቀትሪ) ብምድዋል ወይ ድማ መተግበሪ Yellow Card ብምውራድ ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም።

**www.mhra.gov.uk/yellowcard**

© Crown copyright 2025. Version 4. UK Health Security Agency Gateway Number 2024976. Product code: V2C24RSV01TIG Tigrinya. 2P 130K FEB 2025 (APS). To order more copies of this asset, please visit: www.healthpublications.gov.uk or call 0300 123 1002. This leaflet is available as a BSL video, and audio file, in braille, large print and translated into 30 community languages.